መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እግዚኣብሒር ኩሉ ክፈጥሮ እንከሎ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus; Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Bob Davies; Tammy S.

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣበዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

መን ፈጠረና? መጽሓፍ ቅዱስ ቃል እግዚኣብሄር
ወድሰብ ካበይ ከምዝመጸ
ይነግረና፣ ነዊሕ ዘመን ይገብር እግዚኣብሄር
እቲ ናይ መጀመርታ ሰብ ፈጢሩ
ኣዳም ኢሉ ከኣ
ሰመዮ።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ካብ ሓመድ
ምድሪ ገበሮ። ኣብ ኣፍንጬኡ ድማ ትንፋስ
ህይወት ኡፍ በለሉ እሞ
ኣዳም ህያው
ነፍሲ ኮነ።



ኣዳም ንርእሱ ኣብ ሓደ ጽቡቕን ምልኹዕን ዘገርም ምድሪ ኤደን ገነት ረከባ።



ቅድሚ ንኣዳም እግዚኣብሄር ምፍጣሩ ጽብቕቲ ዓለም ብዘደንቕ ፍጥረታት ዝመለኣት ኣዳለወሉ፣



ደረጃ ብደረጃ እግዚኣብሄር ኣክራናት ጎቦታት
ከበሳታትን ጎላጉልን ብዘደንቁ ኣግራብን
ዕምባባታትን ዝተሸፈነ ኣዝዮን ብዝተፈላለየ
ክንቲትን መንፈርፈርን ብዘጌጸን



ዝተዓደለ . . .

. . . ኣዕዋፍ ሚም ዝብሉ ጽቡቃት ፍጥረት ነፈርቲ ንህብታት ወለወለል ዝብሉ እንስሳታት ባሕሪ ዘንጸባሩቑ ህያባት ባሕርን ኣዳለወ።



እቲ ዘገርም ከኣ እግዚኣብሄር ነዚ ኲሉ ጽቡቅ
ኣብኡ ከሎ ״ይኩን እንዳበለዩ ፈጢርዎ ״።



እግዚኣብሄር ብመጀመርታ
ቅድሚ ኩሉ ምፍጣሩ
ዋላ ሓደ ኣይነበረን
እግዚኣብሄር ጥራዩ
በይኑ ኔሩ። ሰብ
ኣይነበረን ቦታ
ዝበሃልውን
ኣይነበረን ዋላ
ሓደ ኣይነበረን፣
ብርሃን ኣይነበረን
ጸልማትውን ኣይነበረን።



ላዕሊ ታሕቲ ዝበሃል
ኣይነበረን፣ ሎሚ
ጽባሕ ዝበሃልውን
ኣይነበረን፣
እግዚኣብሄር
ጥራይ በይኑ።
መጀመርታ
ዘይብሉ ኔሩ፣
ዳሕራዩ እግዚኣብሔር
እዚ ኣቀዲምና ዝጠቀስናዮ
ክገብር ዝጀመረ፣



ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማይን
ምድርን ፈጠረ።

ምድሪ ድማ በረካን
ጥራያ ነበረት
ጸልማት ከኣ
ኣብ ልዕሊ
መዓሙቚ
ነበረ።።



ኣምላኽ ከኣ ‘ብርሃን ይኩን’ በለ፣



ብርሃን ድማ ኮነ፣ኣምላኽ ነቲ ብርሃን
መዓልቲ ኣውጽኣሉ ፣ነቲ ጸልማት ከኣ
ለይቲ ኣውጽኣሉ ምሸት ኮነ ብጊሓትውን
ኮነ ሓንቲ
መዓልቲ፣



ኣብ **ኻልኣይቲ መዓልቲ** ነቲ ኣብ ትሕቲ ጠፈር ዘሎ ማያት ማለት ባሕርታት ውቅያኖሳት ቀላያት ድማ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ጠፈር ፈለዮ፣



ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ኣምላክ ድማ እቲ ንቑጽ
ምእንቲ ኪርኤስ እቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘሎ
ማያት ናብ ሓንቲ ቦታ
ይተኣከብ በለ፣ከምኡ ድማ ኮነ፣



ኣምላኽ ከኣ ነቲ ንቑጽ ምድሪ ኣውጽኣሉ ነቲ
እኩብ ማያት ድማ ባሕሪ ኣውጽኣሉ፣



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ከምዚ ኢሉ ኣዘዘ።
እታ ምድሪ ሳዕርን ዘርኢ ዝህቡ
ብቐልን ፣ዘርኡ ኣብ
ርእሱ ዘለዎ። ፍረ
ከከም ዓይነቱ ኣብ

ምድሪ ዝፈሪ ኦም።

ተውጽእ። በለ፣ ከምኡ ድማ ኾነ፣ ኣምላኽ
ድማ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ።
ምሸት ኮነ ብጊሓት
ኮነ **ሳልሳይ**
**መዓልቲ**።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ምድሪ
ንምብራህ ጸሓይ ወርሒን ብዙሓት
ከዋክብትን
ንምቁጻሮም ዘይከኣል
ኣብ ጠፈር ሰማይ
ብርሃን ይኹን በለ።



ከምኡ ድማ ኰነ ምሸት
ኰነ ብጊሓት ‘ውን ኰነ
**ራብዓይቲ መዓልቲ።**



ቀጺለን ኣብ መዝገብ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ተታሒዘን ዝነበራ
ፍጥረታት ባሕሪን
ዓሳታትን የዕዋፍን
ነበራ።



ኣብ ሓሙሻይቲ መዓልቲ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዓበይን
ንኣሽቱን ፍጥረታት ባሕሪ
ፈጠረ፣ ከምኡውን
ነዊሕ እግርን ገዚፍ ኣካላት
ዘለወን ከም
ሰገን ደርሆ ማይ ከምኡውን
ንምርኣየን
ባህ ዘብላ ደቀቕቲ ውቑባት
ዝነፍራ የዕዋፍ ፈጠረ።



በዚ ከኣ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ንባሕሪ
ዝመልኡ፣ ዝተፈላለዩ ዓይነት
ፍጥረታት ዓሳን ንምድሪ
ዝመልኣን ንምርኣየን ደስ
ዘብላ
ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድርን
ባሕርን ኣብ ኣየር ዝነፍራን
ፈጠረ።
ምሸት ኰነ ብጊሓት ኰነ
ሓሙሻይቲ መዓልቲ።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ምድሪ
ህያው ነፍሲ ዘለዎ በብዓይነቱ እንስሳን
ከም መጥበውቲ ለመምታ ሓሳኩ ምድሪ
ማያውያን ኣራዊት ምድርን በብዓይነቶም
ተወጽእ በለ። ከምኡ ድማ ኰነ።



ኣብ ምድሪ ብዕብየት ኣፈጣጥርኦም ዘገርሙ ከም ሓራምዝ ብመጠን ግዝፊ ዝናኣሱ ቬቨር ዝኣመሰሉን ፈጠረ፣ ከምኡውን ካብ ሓደ ዓቢ ገረብ ናብ ካልእ ዓቢ ገረብ ብዘደንቅ ዝላ ዝዘሉ ኣህባይ ዋዓግ ቾምባዜ ብኣንጻሩ ድማ ኣብ ምድሪ ለመም (ገፈፍ) ኢሎም ዝከዱ ከም ጐብየ።



ሕስይ ሕስይ ዝብሉ ዓበይቲ ፍጥረታት ፈለክለክ እንዳበሉ መብራህቲ ብጸልማት ዘብርሁ። ኣብ ምድሪ ምስ ፈሰሱ ንሳዕርን ኣቁጽልትን ከም ዘይነበረ ዝገብሩ ዝተፈላለዩ ፍጥረት ፈጠረ።



ኣዝዮም ዛዕጋፋት (ጨዳራት) ነዊሕ ዝክሳደን ዘራፍ ካብ ምድሪ ብርኽ ዝበለ ዘእጋረን፣ ከምኡውን ዝተፈላለየ ሃደንቲ ሓጸርትን ነዋሕትን ዓሌት ደማሙ፣ ነብሪ ብምሉኦም እግዚኣብሄር ኣምላኽ ፈጢሮም። ምሸት ኰነ ብጊሓት ሻዱሻይቲ መዓልቲ።



ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ካልእ ኣዝዩ ዘደንቅ ፍጥረት ፈጠረ። ካብ ኲሎም ከኣ ኣዝዩ ፍሉይ፣ ንሱ ድማ ወዲ ሰብ፣ እዩ። ኣብ ምድሪ ዘራእቲ ንመግቢ ዝኾንዎ እንስሳታት ድማ ንዕኡ ዘገልግልዎ ኣቐዲሞም ተዳሊየምሉ እዮም።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ‘ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር በለ’ ። ንብዘላ ምድሪ ኵሉ ድማ ይግዝእ በለ። በዚ ድማ ‘ብኣምሳል እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰብ ተፈጠረ’ ።



እግዚኣብሄር ንኣዳም
ከምዚ በሎ፣ ካብቲ
ኣብ ምድሪ ገነት
ዘሎ ኵሉ ከም
ዝደለኻ ብላዕ ካብታ ጽቡቕን
ክፉእን
እተፍልጥ ኦም፣ ግና
ኣይትብላዕ በሎ። ካብኣ ምስ
እትበልዕ መዓልትስ ሞት
ክትመውት ኢኻ፣ በሎ።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ሰብኣይ በይኑ፣
ኪኸውን ጽቡቕ ኣይኰነን በለ። ንእኡ እትበቅዕ
ደጋፊት ክገብረሉ እየ
በለ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ድማ ንኹሉ ኣራዊት መሮር
ንኩለን ኣዕዋፍ ሰማይን
ካብ ምድሪ ገበረን።



እንታይ ከም ዝሰምየን ከኣ ናብ ኣዳም
ኣምጽኤን፣ ነቲ ህያው ነፍሲ
ዘለዎ ኵሉ እቲ ኣዳም ከም
ዘውጽኣሉ ስሙ ንሱ ኰነ።
ንሰብ ግና ንዕኡ እትበቅዕ
ደጋፊት ኣይተረኽበትሉን።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ነቲ
ሰብኣይ ከቢድ ድቃስ
ኣውደቐሉ ደቀሰ ድማ
ካብ መሰንገሊኡ ከኣ
ሓንቲ ወሰደ ኣብ
ስፍራኣ ድማ
ስጋ መልኣ።





እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ድማ ነታ
ካብ ኣዳም ዝወሰዳ
መሰንገለ ሰበይቲ
ገይሩ። ሰርሓ።
እሞ ናብ ኣዳም
ኣምጽኣ፣

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንኹሉ ኣብ ሸውዓተ
መዓልቲ ፈጸሞ ።ብሳብዓይቲ መዓልቲ
ድማ ካብቲ ዝገበሮ ኵሉ ግብሩ ዐረፈ።
ነታ **ሳብዓይቲ**
**መዓልቲ** ባረኻን ቀደሳን።



ኣዳምን ሄዋን ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኾም
እንዳ ኣምለኹን
እንዳ ተኣዘዙን ይነብሩ ነበሩ።
እግዚኣብሄር ድማ ጐይትኦምን መጋቢኦምን
ዓርኮምን
ኮይኑ ነበረ።



እግዚኣብሔር ኲሉ ክፈጥሮ እንከሎ

ዘንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 1-2

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፥130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓበር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን
ኣለኹ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ
ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ
ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት
ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ
ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን
ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ
ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16